ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ
መሰጋገሪ ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى
الهيئة التنفيذية انتقالي

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI
transitional executive body

መሰጋገሪ መሪሕነት ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ ጽውቕ ኣኼባታት ቀንዩ

መሰጋገሪ መሪሕነት ግሃድኤ-ሕድሪ ካብ 03 / መጋቢት / ክሳብ 05 / መጋቢት / 2017 ሳልሳይ ስሩዕ ኣኼባ ናይ መሰጋገሪ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈታቱን ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ናይ መሰጋገሪ ማእከላይ መሪሕነቱን ከሰላስል ቀንዩ፡፡

መሰጋገሪ መሪሕነት ኣብ እቲ ብመሰረት መትከላቱን ምድብ ግዚይኡን ተራኺቡ ከዝትየሎም ዝቕነየ ኣጀንዳታት ካብ እዚ ዝሓለፈ ዉሑድ ናይ ሕድሕድ ምጥርጣራትን ኣብ ዉሽጡ ተኣማሚኑ ንኽይሰርሕ ዝነበሮ ጸቕጥን ወጺኡ፡ ብግልጽን ብሓላፍነታዊ መድረኽን ኣብ ህሉው ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ኣተኩሩ ዘትዩ፡፡ ኣብ እቲ ብቕዳምነት ከም ኣጀንዳ ሰሪዑ ንመነባብሮ ህዝብና ዝጠመቶ መድረኽ፡ ህዝብና ኣብ ዝተሓተ ናይ ናብራ ደረጃ ንኽወርድ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣበርቲዑ ይሰርሓሉ ምህላዉ ኣብ ዝዘተየሉ ዛዕባ፡ ስርዓት ህግደፍ ነቶም ኣብ መዓልታዊ ስራሕ ተሳቲፎም ስድርኦም ዝኣልዩ ዘጋታትና ምእታዉ-ምውጻእ ከሊእዎም ከብቅዕ፡ ንኣውፈርቲ ሰብ ርእሰማል፡ ነጋዶ፡ ኮንትራክተራትን ኣስራሕትን ንጥረ-ነገራት ከምዘይረኽቡ ኣብ ርእሲ ምግባሩን ሙሉእ ዕዳጋታት ኣብ ትሕቲ ምልኩ ኣእቲዩ ምህላዉ ከይኣክልን ብስም ዘይውዳእ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ዝብል ናይ ባርባራውን ሕሱር ሜላ ዘመናዊ ባርነት ብምጥቃም፣ ብኣልማማ ናብ በረኻ ኣውፊሩ ዘይመልስ ፖሊስኡ ብምኽታልን፡ ናይ ስራሕ ፍቓዶም መንዚዑ ፈቐዶ ሃገራት ከም ዝስደዱ ብምግባርን ኣልማዕቲ ዓዲ-ሃገር ኮይኖም ከምዝተርፉ ጌርዎም ብምህላዉ፡ እዞም ዜጋታት ንሃገር ኣብ ዘርብሕ ቃልሲ እቑሞም ምእንቲ ከበርክቱ ዘተኣማምኖም ናይ ቃልሲ ባይታ ንምፍጣር ዓቢ ስራሕ ከም ዘድሊ ዘትይሉ፡፡

መሰጋገሪ መሪሕነት ግሃድኤ-ሕደሪ፣ ኣብ እቲ ንህዝብናን ሃገርናን ዘጋጥሞ ዘሎ ይኹን ከጋጥሞ ዝኽእል ዘሰከፍ ኩነታት ብደረጃ ዞባዊ፡ ኣህጉራውን ዓለማውን ኣልዒሉ ንነዊሕ ሰዓታት ኣብ ዝዘተየሉ ርክብ፡ ውድብና ከም ብሃገራዊ ጉዳይ ዝተጠራነፈ ውድብ መጠን ጉዳይ ህዝብናን ሃገርናንውን ካብ እቶም ኣዛረብቲ ነጥብታት ኮይኖም ብምህላዎም ኣብ ዞባና፡ ነዚ ዘጋጥም ዘሎ ሽግር ብዓቕን ጠንቁ ምእላይ ዝዛመድ መፍትሒ ንምርካብ ዘኽእል ስጉምቲ ቃልሲ ንምውሳድ፡ ከንድ'ቲ ዝከኣሎ ዘበለ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ምህላዉ ኣስሚሩሉ፡፡

መሰጋገሪ መሪሕነት ግሃድኤ-ሕድሪ፣ ነቲ እከይ ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ዝገድፎ ዘሎ ኣሻቓሊ ሓድጊ ኣብ ሃገርናን ከባቢናን (ዞባዊ ኣቀማምጣናን) ብዕምቆት ኣብ ርእሲ ምዝርራቡ፡ ብሕልፊ ከም ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ድማ ነቲ ናይ ሕድ-ሕድ ምጥርጣራትን ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብና ዝዘርኦ ዘሎ ኣሰካፊ ገጹን ኣድህቦ ብምሃብ፡ ብዕምቆት ተዘራሪቡሉ፡፡

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ንክብሪ ህዝብናን ሃገርናን ብኣልማማ ብዝትንክፍ ደረጃ፡ ናይ ክሱፋት ኣካይዳ ብምኽታል ንጻጋታት ከርሲ ባህሪ ሃገርናን ምሻጥ ድዩ ምኽራይ፡ ዋላስ ከምገጻ በረኻት ምቕራብ፡ ዘይርድኣካ ንዝተፈላለያ መሓናሕንቲ ዝኾና ሃገራት ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕርና እጀታ ከምዝህልወን ዝግብሮ ዘሎ ዘይሓላፍነታዊ ምምጣው፡ ነቲ ሕሱርን ተንካፍን ባህሪኡ ዝገልጽ ናይ ብድሕረይ ኣይኮነንዶ ሳዕሪ ዳንዴር እኳ ኣይብቆላ እዛ ሃገር ንዝብል መርገጺኡ ዝኽሽሕ ምኂኑ ብምብራህ፡ ነዚ ዝከላኸል ይኹን ከምቅድመ ኩነት ክግበር ዘለዎ ምድላዋት ብዓቕሙ ንኽበርክት ምስ ሃገራውያን ደንበ ተቓዉሞ ኣበርቲዑን ብዕቱብነትን ክሰርሓሉ ስለዝግባእ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ምስ ኩሉ ፍትሓዊ ሃገራዊ ሓይሊ ይኹን ምስ ፍትሓውያን ግዱሳት ዜጋታት ንምዝታይን ዝግብኦ ንምብርካትን ድልዉነት ከምዘለዎ ይገልጽ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!!
ዓወት ንሓፋሽ ብተግባር!!
07 / መጋቢት / 2017
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን መ / መ / ግሃድኤ-ሕድሪ